# መርበብ ኢንተርነት ተጠቐም

ብናይ ቤት መጽሓፍቲ መርበብ ኢንተርነት ናይ ቤት መጽሓፍቲ ኣገልግሎት 24 ሰዓታት ክትጥቀመሉ ትኽእል። ኣብዚ ኣብ ናይ ኤረብሩ ቤት መጽሓፍቲ እዋናዊ ሓሳባትን ዘሎ ሓድሽ ዜናታትን ተንብብ። ኣብቲ መርበብ ኢንተርነት ናትካ ሕሳብ ናታካ ናይ ለቓሕ ቁጽርን መሕለፍን (PIN-kod) ክትከፍት ትኽእል። ብድሕሪኡ ኣብ ገዛኻ እንታይ መጽሓፍቲ ተልቂሕካ ከም ዘሎኻን መዓስ ክምለሱ ከም ዘለዎን ክትርኢ ትኽእል። ናይ ዝተለቃሕካዮ ግዜ ከተናዉሖ ትኽእል፣ ብተውሳኺ ኣብ ኤረብሩ ካብ ዝርከባ ካልኦት ቤት መጽሓፍቲ ንምልቃሕ ክትሓዝእ ትኽእል።

በቲ ኣብ ስቶክሆልም ዝርከብ ናይ ዓለም ለኻዊ ቤት መጽሓፍቲ ዝርከብ መርበብ ኢንተርነት ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ናይ ቤት መጽሓፍቲ ዜናታትን ሓበሬታትን ከተንብብ ትኽእል።

# ቤት መጽሓፍቲ ተጠቐመሉ

ናይ ቤት መጽሓፍቲ መለቅሒ ካርድ ኣዉጽእ

ኣብ ቤት መጽሓፍቲ መለቅሒ ካርድ ንምዉጻእ ብነጻ እዩ። መንነት ወቐትካ ሒዝካ ምጻእ ክንሕግዘካ ኢና።

ኮምፒዩተራትን ዋይፋይን

ናይ መለቅሒ ካርድ እንተ'ሎካ ኣብ ኤረብሮ ዝርከባ ቤት መጽሓፍቲ ኣብ ኩለን ኮምፒዩተርን ዋይፋይን ክትጥቀም ትኽእል። ብኽፍሊት ክትቀድሕን (copy ክትገብር) ክትጽሕፈን ክእለታት ኣሎ።

ኣገባብ ምልቃሕ

ዝተለቃሕካዮ ደንጕኻ እንድሕሪ መሊስካዮ ዝኽፈል ክፍሊት ኣሎ። መለቅሒ ካርድኻ እንተ ኣጥፊእካዮ ዉን ዝኸፈል ክፍሊት ኣሎ።

ናይ ትመልሰሉ ዕለት ቅድሚ ምእኻሉ ቅድሚ ቀሩብ መዓልቲ መዘከርታ ብ ኢ-መይል ወይ ብ ቴክስት መሴጅ (SMS) መዘኻኸሪ ይስደደልካ። ይኹን እምበር መዘኻኸሪ ይምጻእካ ኣይምጻእካ መዓልቱ ምስ ኣኸለ ናይ ዝተለቃሕካዮ ምምላስ ናትካ ሓላፍነት እዩ። ናይ ምምላስ ግዜ እንድሕሪ ረሲዕካዮ ንቤት መጽሓፍቲ ብምድዋል ወይ ኢ-ማይል ብምስዳድ ክትሕብር ትኽእል።

መጽሓፍቲ ሕዛእ (ሪሰርቭ)

መጽሓፍቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቤት መጽሓፍቲ ናይ ኤረብሮ ክትሓዝእ ትኽእል ኢኻ፣ ካብ ዝመረጽካዮ ቤት መጽሓፍቲ ዉን ትወስዶ። እዚ ኣብ ናይ መርበብ ኢንተርነትና ሕሳብ ብምኽፋት ወይ ናብ ቤት መጽሓፍቲ ብምድዋል ወይ ኢ-መይል ብምስዳድ ክትገብሮ ትኽእል። ብድሕርዚ እቲ መጽሓፍ ከም ዝመጸ እሞ ንኸተምጾ መልእኽቲ ይስደደልካ፣ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ሰሙን መጺእካ ንኽትወስዶ ዕድል ኣሎካ።